## ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ኣብ ጎሉጅ ናይ ነዳዲ ሼል ካብ ስራሕ ወጻኢ ገይሮም

ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ኣብ ከተማ ጎሉጅ ጻላኢ ዝጥቀመሉ ናይ ነዳዲ ሽል በርቃዊ መጥቃዕቲ ብምኽፋት ካብ ስራሕ ወጻኢ ከም ዝገበሩዋ ተፈሊጡ፡፡ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ዕለት 17/09/2015 ለይቲ ሰዓት 11፡00 ብኣርፒጂን ኢድ ቡንቧን ብዝተሰነየ ሃንደበታዊን በርቃዊ መጥቃዕቲ ኣባላት ህግደፍ ዝጥቀሙላ ዝነበሩ ሼል ሙሉ ንሙሉእ ከም ዘቃጸላ እቲ ዝመጸና ዜና ወሲኹ ሓቢሩ፡፡ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ድሕሪ እዚ ዕውት መጥቃዕቲ ንቦትኦም ብሰላም ተመሊሶም፡፡

ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ብሄራት ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ጽንተትን ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ብሄረ ኩናማ ዝወስዶ ዘሎ ቕዝፈትን ጽንተት ክሳብ ደው ዘይበለ ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ኣብ ልዕሊ ንብረት ህግደፍን ስለያን ዝወስዶ በርቃዊ መጥቃዕቲታት ቀጻልቲ ምኻኖም ካብ ወታሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ዲምሓኩኤ ዝመጸና ዜና ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

ብኻልእ ዜና ስርዓት ህግደፍ፡ ንኣባላት ኩናማ ዕረፍቲ ሂቡ ከብቅዕ ተመሊሱ ብስለያኡ ገይሩ ሃለዋቶም የጥፍኦም ከም ዘሎ ተፈሊጡ፡፡ በዚ መሰረት ሰራዊት ህግደፍ ዝኾኑ ሼጋ ሰለማንን ዳቢ ዓሊ ዝተባህሉ ኣባላት ኩናማ ካብ ኣሃዱኦም ዕረፍቲ ወሲዶም ንዶኪንቢያ ምስ ኸዱ፡ ብዕለት 15/09/2015 ሚሊሻ ክትዓጥቁ እኹም ኢሎም ምስ ሓተቱዎም ኣባላት ሰራዊት ምኻኖም ብምሕባር ክንዓጥቅ ኣይንኽእልን ኢሎም ምስ መለሱሎም ስለያ ህግደፍ መጺኦም ሒዞም ከም ዝኣሰሩዎምን ክሳብ ሕጂ ሃለዋቶም ከም ዘይፍለጥ ምንጪታትና ካብቲ ሓቢሮም፡፡ ከምኡ እውን ንኣቦ ዳቢ ዓሊ፡ ዓሊ ዳጋና ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ብዘይ ምንም ምኽንያት ጀሲሶም ከም ዘትሓዙዎ ይፍለጥ፡፡

ብሄረ ኩናማ ብዘይ ምንም ኣበሳ ብዕሉባቱ እንዳተጀሰሶ ተታሒዙ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቑ ህይወቱን ሃለዋትን ይጠፍእ ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣባላት ኩናማ ስርዓት ህግደፍ ካብ ሱሩ ሚሒና ክሳብ ንድርብዮ ኣብ ጎኒ ፍትሓዊ ቃልሲ ውድብኩም ደው ኢልኩም ቃልስኹም ከተደንፍዑ መሪሕ ውድብኩም ዲምሓኩኤ ብዚ ኣጋጣሚ እዚ ይጽውዕ፡፡